# መሰረት ሃገር፡ ዓዲ

(ካልኣይ ክፋል)
ደቀባት ኮም 30.06.2006

ርግጽዩ ዓዲ ክብሃል እንከሎ፡ ቃል-ብቓሉ ነቲ ቊሸት-መሬቱን ዘመልክት ነገራዊ ኣጸዋውዓ፡ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ብደም ተኣሳሲሩ ዝዛመድ ሕብረተ-ሰብ ዘውንኖን ዝነብረሉን መባእታዊ-ትካል ክብሃልውን ይክኣል እዩ። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክኣ መሬት ኣብ ነብሲ-ወከፍ ዓድታት ኤርትራ፡ ሓባራዊ-ዋንነት ናይቶም ዝነብሩሉ ደቂ-ዓዲ እዩ። ኣብቲ ቀደም ምድረ ባሕረ-ነጋሲ ወይ መሬት-ሓማሴን ዝብሃል ዝነበረ፡ ሕጂ ክኣ "ኤርትራ" ብዝብል መጸዊዒ ስም ብኮለንያል ጣልያን ዝተዋህበ፣ ካብ ፈለማ ጀሚሩ፣ ሓባራዊ ዋንነት- መሬት፣ ኣብ ነሲ-ወከፍ ኣእምሮ ወዲ ዓዲ ዝሰረጸ ስለዝኾነ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት፡ መሬት ክሸየጥን ክልወጥን ፈጺሙ ኣይፍቀድን እዩ ዝነበረ።

ዓድታትን ወረዳታትን ኣውራጃታትን ኤርትራ፡ ብታሪኽ ዝተመልመሉ፡ ብሕጊ እንዳባ ዝተሃንጹ፡ ቀንዲ መለለዪታት ኤሪትራውነት ክነሶም፣ ኣብዚ እዋንዚ ግን፡ ህግዲፍ "ኣውራጃነት ክጠፍእ ኣሎዎ" ካብ ዝብል ሸፈጥን ምስምስን ተበጊሱ፡ ብቐዋምን ብድልየት ህዝቢ ዘይኮነ፡ ብኢደወነናዊ ስልጣን ንኤርትራዊ መለለዪታት ክድምሲስ ብመሰረት ልሙድ ኣዋጁ፡ "ዞባን ንኡስ ዞባን" ዝብል ጸረ ዓዲ ዝኾነ "ሓዲሽ ትሕተ ቅርጺ" ምሂዙ፡ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ኣውራጃታት ኤርትራ ጸረ ስትራተጂ ዓዲ ዝኾኑ፡ ግዝኣታዊ ዞባታት ኣተኣታትዩ፡ መሬት ደቂ ዓዲ ብኢደ ወናኒኡ ንሓላፍ መንገዲ ክሕርጅ ይርከብ ኣሎ። እዚ ንቡር መሰረት ዘይብሉን፡ ብለቓሕ ዝመጸን ጸረ መንነት ባህልን ዓድን ዝኾነ ውጥንዚ፡ ብሃንደበት ዝመጸ ዘይኮነ፡ ኮነ ኢሎም ጓኖት ክኢላታት፡ ንሓደ ሸቶ ንምውቃዕ ዝሓንጸጽዎ መስርሕ ጥራይ እዩ ዝመሳል። መሰረት ዓድን ዋንነት መሬትን ዝድምስስ መንግስቲ፡ ሕግን ፍትሕን ዘይክተል መንግስቲ፡ ብሓቂ ንረብሓ ህዝቢ ዝሓሊዩ ኢልካዶ ክትእምኖ ይክኣል? ብሓቂ ንልዑላውነት ሃገርን ንመሰል ህዝብን ዝኣምን መንግስቲኸ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ተግባራት ይፍጽም ድዩ?

ብኻልእ ኣዘራርባ ክኣ፡ ነቲ ብዊንታ ደቂ ዓዲ እናተወራረሰ፡ ንውሉድ ወለዶ ክመሓላለፍ ዝጸንሐ፡ ሰረት ዓዲ፡ ሰረት ሕጊ እንዳባን፡ ሰረት ባህልን ዝኾነ ንቡር ኤርትራዊ መለለዪታት፡ ኣውራጃዊ ትካል ካብ ሱሩ መንቅስካን ኣፍሪስካን፡ ብ"ዞባዊ ምምሕዳር" ዝብል ተኪእካ፡ ሃገ እመርሕ ኣሎኹ ምባልስ፡ ኣየናይ ድኣዩ እቲ ንሃገን ህዝብን ንዱብ ሃገርን ዝሓሊ መንግስቲ ዘምስለካ ረቛሒ?

ንኣብነት ንሓማሴን ኣብ ሰለስተ ዞባታት ክፋፊሉ፡ "ዞባ ዓንሰባ" "ዞባ ማእከል" ወዘተ..ብዝብል "ሓዲሽ" ቅርጻ ሓንጺጹ፡ ነቲ ዘይበርስ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ኣውራጃዊ ትካል ኣብሪሱ፡ ጽባሕ ዝፈሽል ጸረ መንነትን ባህልን ዝኾነ፡ "ዞባዊ ምምሕዳር" ዝብል ኣብ ኵለን ኣውራጃታት ኣተኣታትዩ ሃገር እመርሕ ኣሎኹ ዝብል መንግስትስ፡ ከመይ ገርካኻ ከም መንግስቲ ክትኣምነሉ እትኽእል።

ደቂ ኤርትራ ሃገራዊ ቃልሲ ኣልዕሎም ዝተቓለሱ፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገሮም ኣረጋጊጾም፡ ንዝነበረ መሰረት ዓድን ባህልን ንኸማዕብሉን ንዝነበረ ሕጊ-ኣንዳባ ከዋሕልሉን ክዕቅቡን እምበር፡ ንዝነበረ ደሚሲሶም ብለቓሕ ዝመጸ ሓዲሽ ክትክኡ ኣይኮኑን። ሕጂውን እንተኾነ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ሕቡራት መንግስታት፡ ሃገራውነታ ብረፈረንዱም ዘረጋገጸት እንበር፡ ሃገረ እኩብ ኤትኒካዊ ጒጅለታት ኣይኮነትን። እህግዲፍ ግን ፍሹል ተልእኳዊ ሕልሙን ራእዩን ንኽተግብር፡ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ትሕተ ቅርጻታት ሕፍር ከይበለ ከተኣታኡ ገልዳሕ እብል ኣሎ። ድሮውን ኣተእታትዩ እዩ። እቲ ገና ክሳብ ለይቲ ሎሚ ኣብ መስርሕ መሰጋገሪ መንግስቲ ዝርከብ፡ ቅዋማዊ ቡራኬ ህዝቢ ኤርትራ ዘይብሉ፡ ብህግዲፍ ዝተባህለ ጒጅለ ተወዲቡ፣ ነዚ ክቡርን ኣማንን ዝኾነ ህዝቢ ኤርተራ፡ ሰጥለበጥ ኣቢሉ ዝገዝእ ዘሎ ጒጅለ፣ ሕጂ ዝፈጠሮ ሓዲሽ ስትራተጂ ዘይኮነስ፡ ገና ክበቊል ከሎ ጀሚሩ፡ ብጒልባብ "ማሕበርነት" ዝተጎልበበ ንንቡር ባህልን መንነትን፡ ዓዳዊ ትካልን፡ ሕጊ ዓደቦን፡ ዝምንቊስ፣ ፍሹል ስትራተጂ ሒዙ እዩ ተዋፊሩ።

እንብኣር ነዚ ብስልቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣቢሉ፣ ኣብ ኮረሻ ጥፍኣት ተወጢሑ፡ ኣብ ክሳድ ህዝቢ ኤርትራ ሴፍ ኣጻዊዱ፡ ጸረ ዓዲ ዝኾነ ስትራተጂ ከም መምርሒ ወሲዱ፡ ዓይኒ የብለይ ኣዝኒ የብለይ እናበለ፡ ንጥፍኣት ሃገርን ህዝብን ዝጋልብ ዘሎ ጒጅለ ህግዲፍ፡ ክንምክቶን ክንዓግቶን እንኽእል፡ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዝውዕል ንጹር ስትራተጂ ሓንጺጽካ፡ ካብ ሱሩ ንምምንቃስ ቃልሲ ክካየድ እንተድኣ ኮይኑ፡ ኣዚ ማለት ክኣ፡ በቲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዝለመዶን ዝመሓደረሉን ዝጸንሐ ቅዱስ ትካል፡ ኣብ ሕጊ እንዳባ፡ ኣብ ዋዕላ እንዳባ ዝተመስረተ ስትራተጂ ዓዲ ተኸቲልካ ጥራሕ እዩ ክምከት ዝክኣል።

በዚ ኣገባብዚ ጥራሕ ኣዩ፡ ንውድባዊን ብረታዊ ስልጣን፡ ሒዙ ዘሎ ጒጅለ ህግዲፍ፡ ብህዝባዊ ስልጣን ክትካእ ዝክኣል። በዚ መስርሕ ኣዚ ጥራሕ ኣዩ፡ ነቶም ብጅሃድን ሕጊ ሸሪዓን ተላዒሎም፡ መተካኣታ ህግዲፍ ክኾኑ ዝሓልሙ ጒጅለታት፡ ብህዝባዊ ስልጣን ክትካኦም ዝክኣል። ኣዚ ቅዱስ እስትራተጂ እዚ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ኣውራጃታት ኤርትራ እናልሓመ፡ ነቶም ደቂ ርስቲ ዝኾኑ ደቀባት፡ ብውሕልነትን ብሓቂን ካብ ውሉድ ወለዶ እናተወራረሰ ዝጸንሐ፡ መለለዪኦም ዝኾነ ርስቶምን ባህሎምን፡ ከምዝተመንዝዑ ኣረዲእካ ክትውድቦም

*ምስትኽእል፡ ኣብ መወዳኣታ ዂሎም እቶም ደቂ ዓዲ ዂለን ኣውራጃታት፡ ብወኪላቶም ኣብቲ ሓባራዊ ህዝባዊ ባይቶ፡ ብፍቶቶምን ድልየቶምን ብዘይ ጸገም ኽራኽቡ ዝኽእሉ።*

*<u>መተሓሳሰቢ፡</u> ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ይኹን፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መዋእል ህግዲፍ፡ ነቶም ብመንነቶምን ብብቕዓቶም ጸብለልትነት ዝነበሮም ደቂ ዓዲ፡ ነዚ ስትራተጂ ዓዲ ክትግበር ኣውያቶም ከስምዑ እንከለው፡ ስሞም ብምጥፋእ ኮነ ብምጭዋይ፡ ወይ ኮራኹር መራሕቲ ከምዝኾኑ ብምስዳዕ፡ ዚ <u>ብፍሹል ስትራተጂ ማፍያ</u> ተተኪኡ ዘሎ። ስለዚ ከኣዩ <u>ስትራተጂ ዓዲ፡</u>ከም ቀደሙ ኣብ ንቡሩ ተመሊሱን ማዕቢሉን ክቕጽል ዘይተኻኣለ። ብኣንጻሩ ግን ንደቂ ዓዲ፡ ብደቂ ዓዲ ዘይኮኑ ከምዝግዝኡ ኮይኖም፡ ንደቂ ርስቲ ክኣ ርስቶም ብኣጋይሽ ክውነንን ክሕረጅን ተገሩ ኣሎ። እሞ ነዚ እናርኣና ጽባሕ መንግስቲ ሻዕብያ፡ ዕና ክረክብዩ፡ ካልኣት ውድባት ፍታሕ ከምጽኣልና እየን እናበልካ ዝሕለም ሕልምታት ከንቱ እዩ። እቲ ክዓውት ዝኽእል ግን ንሶም ክቕይሩዎ ዘይክእሉ ንጹር ጸረ መንነት ስትራተጂኦም ኣሎዎም። ንሕና ክኣ ብነብስና ተኣኣማሚንና፣ ንመንነትናን ዓድናን ርስትናን ዘድሕን <u>ስትራተጂ ዓዲ</u> ሓንጺጽና ጥራሕ ምስንምክት ኢና ክንስዕሮምን ክንዕወትን እንኽእል።*

*ንሕና ኤርትራውያን ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን፡ዋና ከምዘይብለን እንስሳ ዘገዳም ኮንና ንጠፍእ ከምዘሎና፡ ንኹሉ ሃገሩ ዝፈቱ ኤርትራዊ ርዱእ ኮይኑ ኣሎ።*

*እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ክኣ፡ ላእትና ሕሉፍ ሓሊፎም፡ንኣእምሮና ተቖጻጺሮሞ፡ ንሓድሕድና ከምዘይንሳነ ክገብሩ ከለው፡ ሳብ ሕጂ ትም ኢልና ምርኣይና እዩ። ብሰንኪ ጸላእትና ከ፡ ም ሓደ ህዝቢ ኣብ ባይቶና ብሓባር ተኣኪብና፡ ነንሓድሕድና ብሓቅን ብምክብባርን ተመያይጥና ሽግራትና ከይንፈትሕ ጸጊሙና ኣሎ። መሬትናውን ከም ዋና ዘይብሉ ህዝቡ ዝጸንተ መሬት ኮይኑ፡ ርስትና ንሓላፍ መገዲ ይሕረጅ ኣሎ። እዚ ክኣ ንኹልና እናበርሀ ዝኸይድ ጸረ ሃገርነትን ጸረ መንነትን ዝኾነ ወፍሪ እዩ።*

*ስለዝኾነ ክኣ ጸላእትና ብረቂቕ ስልቲ ገረብ ብሓኽላ ተጠቒሞም፡ ከም ደቂ ሰባት ክነብር ከምዘይንኽእል ተዋፊሮም ከለው፡ ንሕና ክኣ እናተስዓርና ከሎና ትም ኢልና ንርእዮም ኣሎና። እቲ ቀንዲ መኽንያቱ ክኣ ጸላእትና ንዓላማኦም ክብሉን፡ንዓና ንኽስዕሩን ብዝረቐቐ ኣገባብ ብምስጢር ኣቐዲሞም ሓደ ንጹር ስትራተጂ ስለዝሓንጸጹን፡ ብኣኡ ስለዝተጠርነፉ ጥራሕ እዮም።*

*ስለዚ ግዜ ከሎካ ግዜ ኣይትጸበ ከምዝብሃል፡ንሕና ክኣ ርግጸኛ <u>ራእዩን</u> <u>ተልእኾን</u> <u>ሜላን</u> ሃልዩና፡ ጸላእትና መኪትና፡ ብዚ ወሪዱና ዘሎ ሽግር፡ንሕናን ህዝብናን ሃገርናን ንሓዋሩ መታን ክንገላገል፡ መጀመርያ ንጹር ስትራተጂ ክህልወና ግድነት ይኸውን። ንመንነትናን ዓድናን ርስትናን ዘድሕን <u>ስትራተጂ ዓዲ</u> ሓንጺጽና፡ብሕመሬታዊ ኣገባብ ምስ እንጥርነፍ ጥራሕ ኢና ክንስዕሮምን ክንዕወትን እንኽእልሞ ሃየ ንበገስ።*

*ርግጽዩ ቅድሚ ሕጂ ክኸይድ ዝጸንሐ ዓይነት ኣወዳድባ፡ ሓደ ህዝብና ስለዘይነበረ፡ድሮ ስርሑ ወዲኡ ኣብ ምብትታን ገጹ ይኸይድ ኣሎ። (ንኣብነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከማኡውን ጀብሃ) ስትራተጅኦም ንህዝቢ ዝጠቅም ስለዘይኮነ ክፈሽል ክኢሉ። ስለዚ ነዚ ውድባት ዘጽንሑልና ንህዝብና ዘየርብሕ ፍሹል ኣገባብ ኣወዳድባ ጠንጢና፡ ብሓዲሽ ኣገባብን <u>ብስትራተጂን</u> ተጣራኒፍና ምስንጉዓዝ ጥራሕ ኢና ከም ደቂ ሰባት ክነብር እንኽእል።*

*ስለዚ ብተመኩሮ ከምዝርእናዮ፡ እዚ ክሳብ ሕጂ ክንዕዘቦ ዝጸናሕና ኣገባብ ኣወዳድባ፡ ፍሽለቱ ካብ ርኣናዮ፡ ካብ ሕጂ ቆሪጽና ብሓዲሽ መስርሕን ኣገባብን <u>ብስትራተጅን</u> ክንወዳደብ ግዜ ይጠልበና ስለዘሎ፡ ሓደራ ንበገስ።*

## <u>ክንመራመረሎም ዘሎና ኣገደስቲ ዝኾኑ ሕቶታት</u>

*© ስለምንታዮም ሓርበኛታት ተጋደልቲ ደቂ ሃገር ኣብ ግዜ ሰውራ መንካዕን የሚንን እናተባህሉ ትእሲሮምን ተቐንጸሎምን?*

*© እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ካብ ቅድም ክሳብ ኣብዚ እዋንዚ ሒዙዎ ዘሎ ስትራተጂ፡ ቅኑዕ ምኻኑን ዘይምኻኑን ተመራሚርናሉዶ ንፈልጥ?*

*© ድሕሪ ነጻነት ስለምንታዩ ስርዓት እሰያስ ነቲ ካብ ጥንቲ እናተወራረሰ ክሳብ ግዜ ነጻነት ዝጸንሐ ትካል ዓዲ ኣፍሪሱ ብስትራተጂ ዞባ ተኪኡዎ?*

*© ስለምንያዩኸ ድሕሪ ነጻነት ብዶብ ኣመኽኒኻ ዂናት ተወሊዑ? እቲ ዝተወልዐ ኲናት፡ ብሓቂ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ድዩ ነይሩ፡ ወይስ ንህዝቢ ኢትዮጵያ? ወይስ ንባዕዳዊ ሓይሊ?*

© ነረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣንተዝኸውን ነይሩ፣ ስለምንታይ ድኣ፡ እቲ ብእግባይ ዘይብሃለሉ ሕጊ ዝተፈርደ፡ ጕዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ክትግበር ዘይከኣለ?

© እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ብልዑላውነት ሃገርን መሰል ህዝብን ይኣምን ድዩ?

© ስለምንታዮም መንእሰያት ኤርትራ፡ ብፍላይ ካብ ድሕሪ ኲናት ባድመ ጀሚሩ፡ ካብ ሃገሮም ክጠፍኡን ክስደዱን ዝርኣዩ ዘለው?

© ስለምንታዩ ስርዓት እሰያስ ንሃይማኖት ክርስትና ዝጻብኦን ዘዳኽሞን ዘሎ?

© ስለምንታዩ "ኪዳን" ኣብ ክንዲ ፖለቲካዊ "ጅሃዳዊ" ክኸውን ተመሪጹ?

© ነቲ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ስርዓት፡ ዝሓንጽጹዎን ዝከታተሉዎን ዝጸንሑን ዘለውን ብዓል መን ምዃኖም ተመራሚርናሉዶ ንፈልጥ?

© ምድልዳል ሓድነት ገስገስቲ ህዝብታትን ሓይልታትን፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ መንግስቲ ጥራሕ ተጠርኒፍካ ንምንባር ዘይኮነስ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጨቛኒ መንግስቲ ዝነበሩ ክልተ ህዝብታት፡ ብልፍንትን ብሓባርን፡ ነቲ ንክልቲኦም ዝጭቀኑን ዝነበረ መግዛኣቲ በቲኖም፡ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ክልቲኦም ህዝብታት ከረጋግጹ ከለው'ዩ። እዚ ኣብነት'ዚኸ ኣብ መንጎ ሰውራ ትግራይን ኤርትራን ተራእዩዶ? ሕጂኸ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ኤርትራን ይርአዶ ኣሎ?

ይ ቕ ጽ ል